እዚ መንሹር (Flyer) ከም ሓደ ሰንሰለት ንምትዕርራይ ህይወት ሓተቲ ዑቑባ፡ወይ ግዝያዊ መጽለሊ ንዘድልዮም ሰባት ኣብ ብራንደንቡርግin Brandenburg“ (kurz: VASiB) ምስምትሕብባር ጉዳይ ስደተኛታት ብራንደንቡርግ Brandenburg (KFB) ንምሕጋዝ ተባሂሉ ዝተመስረተ እዩ።

ንዝያዳ ሓበሬታ፡ VASiB-Projekt und zur KFB unter:
www.kooperation-für-flüchtlinge-in-brandenburg.de

KOOPERATION
FÜR FLÜCHTLINGE
IN BRANDENBURG

KFB ዘጠቓልሎ፡

KommMit – FÜR GEFLÜCHTETE UND MIGRANT:INNEN E.V.
PSZ – PSYCHOSOZIALES ZENTRUM FÜR GEFLÜCHTETE IM LAND BRANDENBURG
flüchtlingsrat brandenburg
EVANGELISCHER KIRCHENKREIS Oberes Havelland
Hoffnungstaler Stiftung Lobetal – Bethel
ESTAruppin e.V. – Einsetzen statt Aussetzen
KIRCHENKREIS Wittstock-Ruppin
b-tu Brandenburgische Technische Universität Cottbus - Senftenberg

ብዙሕ ተወሳኺ ሓበሬታ ብዛዕባ ምንዳይ ገዛ ኣብዚ ዝስዕብ ዌብ ሳይት ይርከብ፡
bit.ly/info-wohnung

ፕሮጀክት VASiB-Projekt ከምኡ እዉን እዚ መንሹር (Flyer) ብኡኡ ዝተመወለ እዩ።

Kofinanziert von der Europäischen Union

Gefördert vom:

LAND BRANDENBURG – Ministerium für Soziales, Gesundheit, Integration und Verbraucherschutz
UNO Flüchtlingshilfe Deutschland für den UNHCR
Bundesministerium für Familie, Senioren, Frauen und Jugend
Diakonie Katastrophenhilfe
EVANGELISCHE KIRCHE Berlin-Brandenburg-schlesische Oberlausitz
aid FIVE
abri porta – Wir öffnen Augen, Herzen, Horizonte

## ገዛ ብኸመይ ከናዲ ይኽእል?

**ምኽሪ ክንህበካ ንኽእል ኢና!**
ናብ ኣገልግሎት ወሃብቲ ምኽሪ ብምኻድ ምኽሪ ሕተት፡ ናይ ገዛ መድለዪ ቅጥዒ ብምምላእ ድማ መንበሪ ተናዲ።

**እቲ ገዛ ክንደይ ክኸዉን ኣለዎ ዋግኡ?**
ስራሕ ምስ ዝህልወካ፡ 1/3 ናይቲ ትረኽቦ ኣታዊ ንገዛ ክራይ ክትምድቦ ኣለካ
ናይ መንግስታዊ ትካላት ሓገዝ ተጸባዪ ምስ እትኸዉን ድማ፡ኣብቲ ክትቅይረሉ ደሊኻ ዘለኻ ዞባ ናይ ጀርመን፡ ንኽራይ ገዛ ክሳብ ክንደይ ከም ዝስልዖ ሕተት።

**ኣበይ ክደሊ ይኽእል መንበሪ ገዛ?**
ኣብ መርበብ ኢንተርነት ዝተፈላለዩ ገዛዉቲ ከተናድየሎም እትኽእል ናይ ሓበሬታ ትካላት ኣለዉ። ኣብኣቶም ድማ እቲ ዝሓሰረ ገዛዉቲ ይርከብ። ገላ ካብኣቶም immobilienscout24.de፡ kleinanzeigen.de ክትዉከስ ትኽእል። ካልእ እዉን ናይ ገዛዉቲ መወዓዉዒ ክትዉከስ ትኽእል። ኣብዚ ግን ጥንቃቐ ይሓትት። እቲ ምንታይ ካብ ዘይተደልየ ወጻኢታት ንኽትቁጠብ።

**እንታይ ዝኣመሰሉ ሰነዳት የድልዩኒ ገዛ ንምንዳይ?**
እዞም ስዒቦም ዝዝርዘሩ ሰነዳት ብምድላዉ ናብ ገዛ ምንዳይ ትነቅል፡

- ካብ ዕዳ ናይ ክራይ ገዛ ነጻ ምኳንካ ዝሕብር ምስክር ወረቐት፡ካብ ዋና ገዛኻ ወይ ኣካራይኻ
- ቅዳሕ መንነት ወረቕትካ
- ሽፋ ምስክር ወረቐት (Schufa-Bescheinigung) እዚ ምስክር ወረቐት ንወጻኢታትካ ክትሽፍን ከምእትኽእል ዝሕብር ምስክር ወረቐት እዩ። ብዘይዝኾነ ክፍሊት ድማ ካብዚ ዝስዕብ ዌብ ሳይት ክትረኽቦ ትኽእል፡ (www.meineschufa.de/datenkopie).



- መንነትካ ምስ ኣካራዪ ገዛ ከላሊ ዝኽእል ደብዳበ
- ናይ ሰለስተ ወርሒ ወርሓዊ ኣታዊኻ ዝሕብር ሰነድ። ወይ ድማ ቅቡል መሰነይታ ወረቐት ካብ ጆብ ሰንተር ወይ ሶሻል
- ናይ መንበሪ ገዛ ምስክር ወረቐት የድልየካ ዶ፡ እዚ ምስክር ወረቐት ዝሓሰረ ገዛዉቲ ንኽትረክብ ይሕግዘካ።ስለዚ ብዝተኻእለ እዚ ምስክር ወረቐት ክህልወካ ጽቡቕ እዩ።

## መንበሪ ገዛ ረኺበ ኣለኹ! ድሕሪኡ ኸ፧

**ቅድሚ ዉዕል ገዛ ክራይ ምፍራምካ፡**

ካብ ጆብ ሰንተር ወይ ካብ ሶሻል ሓገዝ ትረክብ እንተኾንካ፡

- ኣብ ጆብ ሰንተር ወይ ሶሻል ኣምልክት፣ እዚ ከኣ ዋጋ ክራይ ገዛኻ ንኽፍሉልካ ይሕግዝ
- ንትሕጃ ዘድልየካ ገንዘብ ኣጽሪ። ኣብ ዝቕጽል ኣዋርሓት ካብ ኣታዊታትካ ድዩ ክሰሓብ ወይስ ብቐጥታ ተትሕዞ ገንዘብ ከድልየካ እዩ ኣጻሪ። ኣብ እትኣትወሉ ግዜ ክንደይ ዝኣክል ገንዘብ ትሕጃ ከምዝድልየካ ኣረጋግጽ።
- ናይ መሰጋገሪ ወይ መቐየሪ ገዛ ከምኡ እዉን ናይ ንብረትን መጎዓዓዚ መኪናን ዝኸዉን ሓገዛት ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።




## ምትሕልላፍ ናይቲ ገዛና ድሕሪኡ ዝህሉ ኩነታትን

**ምትሕልላፍ ገዛ፡**
ኣብ ግዜ ምትሕልላፍ ገዛ ሓደ ኣገዳሲ ዉዕል ክጽሓፍ ኣለዎ። ኣብቲ ገዛ ዘሎ ዝኽዕነ ይኹን ነቓዕ ወይ ሰባር ምስ ዝህሉ ክስነድ ይግባእ። ኣብዚ ዉዕል ኩሎም ዝተሰብሩ ወይ ዝነቑ ነገራት ብጥንቃቐ ከምዝትሰነዱ ኣረጋግጽ። ካብቲ ገዛ ኣብ እትወጽኣሉ ግዜ ዕዳ ናይ ዝትሰብሩ ወይ ዝነቕዑ ነገራት ናባኻ መታን ከይከዉን ብጥንቃቐ ክስነዱ ኣለዎም።

**ናይ ኤልትሪክን ጋዝን ዋጋ፡**
ምስ ናይ ኤልትሪክን ጋዝንት ትካላት ዉዕል ኩንትራት ክትፍርም የድልየካ። ና ኤልትሪክን ጋዝን ክፍሊትካ ብመጠን ደረጃ ተጠቃምነትካ እዩ ዝዉሰን።ብዙሕ እንተደኣ ኣህሊኽካ፡ ኣብ ምዉዳእ ናይታ ዓመት ተወሳኺ ክፍልሊት ክሰለዓልካ ስለዝኽእል፡ነዚ ዝኸዉን ገንዘብ ክትቁጥብ የድልየካ።

**ሓድሽ ኣድራሻኻ ምሕባር፡**
ገዛ ኣብ እትቕይረሉ እዋን ንኹሎም ዝምልከቶም ናይ መንግስቲ ኣካላት ከተፍልጥ ግዴታ ኣለካ። ንኣብነት፡ (Ausländerbehörde, Sozial-amt,Jobcenter, BAMF, Schule etc.).





ሓበሬታ ኣዳልያ ገዛዉቲ ንስድተኛታት ሰባት ኣብ ብራደን በርግ (Brandenburg)

# ካብ ካምፕ ወጺእካ ናብ ዉልቃዊ ህይወትካ እቶ!

ካብ ናይ ሓባር ካምፕ ወጺእካ ናይ ብሕትኻ ገዛ ክህልወካ ትደሊ ዶ፧ እዚ መንሹር(Pamphlet) ኣፈናዊ ወይ መሰረታዊ ሓበሬታን መልሲ ንሕቶታትኩምን ንምድላዉ ክሕግዝ ዝተዳለወ እዩ።

ኣገዳሲ ሓበሬታ: እዚ መንሹር ንዉልቃዊ ሓበሬታ ናይ ወሃብቲ ምኽሪ ኣገልግሎት ንምትካእ ዝተዳለወ ኣይኮነን።
(ኣብዚ ቀጺሉ ዝርአ መንሹር ብምዉካስ ኣገልግሎት ወሃብቲ ምኽሪ ክትረኽቡ ትኽእሉ: bit.ly/info-wohnung

KOOPERATION
FÜR FLÜCHTLINGE
IN BRANDENBURG

## ብኸመይ ናይ ግለይ ገዛ ክሰጋገር ይኽእል፧

ኣብዚ ዝተፈላለዩ ኣገባባት ኣለዉ ናብ ናይ ብሕቲ ገዛ ክትሰግረሎም ትኽእል፡

### ኣብ ግዝያዊ መዕቆቢ ስደተኛታት ኣይኮንካን ትነብር ዘለኻ፣ መንበሪ ፍቓድ ወይ መጸንሒ መንበሪ ተዋሂቡካ ኣሎ ዶ፧

ን ናይ ግሊ ገዛ ክራይካ ክትከፍለሉ እትኽእል እኹል ኣታዊ ገንዘብ ኣለካ ዶ፧ እዚ ምስ ዝህልወካ፡ ብሕጊ መሰረት ናይ ግልኻ ህይወት ከተዉሕስ መሰልካ እዩ።

ን ናይ ግሊ ገዛ ክራይካ ክትከፍለሉ እትኽእል እኹል ኣታዊ ገንዘብ ኣለካ ዶ፧ እዚ ምስ ዝህልወካ፡ ብሕጊ መሰረት ናይ ግልኻ ህይወት ከተዉሕስ መሰልካ እዩ። እዚ ማለት ድማ ዝኾነ ዝደጎመልካ ሓገዝ የብልካን፣ ናይ ጥዕና መድሕን ህይወት እዉን በዚ ዝስዕብ ሕጊ ዝተረጋገጸ እዩ።(gem. § 2 Abs. 3 S. 1 AufenthG).

እኹል ገንዘብ እንተረኺብካ ናብ ናይ ገዛእ ርእስኻ ኣፓርታማ ክትግዕዝ ትኽእል ኢኻ! ነዚ ንምግባር ድማ እቲ ናይ መንበሪ ፍቓድ ንኽለዓል ናብ በዓል መዚ ኢሚግሬሽን መመልከቲ ከተቕርቡ ኣለኩም።



**ካብ መንግስታዊ ትካላት ወሃብቲ ሓገዝ፡ ሓገዝ እናተደጎምካ እትነብር ዲኻ፧**

ካብ መንግስታዊ ትካላት ወሃብቲ ሓገዝ፡ ሓገዝ እናተደጎምካ እትነብር ዲኻ፧ ሓገዛት ዝድጎመልካ ምስ እትኸዉን፡ በዓል መዚ ኣባይቲ ቅጥዒ ምምላእ እዉን ይግበኣካ እዩ።

እዚ ማለት ድማ ኣብ ሓደ ዘየጠራጥር ናይ ናብራ ኩነት ክትህልዉ ኣለካ ማለት እዩ።(Asylverfahrenብዉድዓዊ መንገዲ ናይ ምቕያር መሰል ወላ እኳ እንተዘይሃለወካ፡ዝምልከቶ ናይ መንግስቲ ኣካል ግን ኩነታትካ ኣጻርዩ ዉሳነ የሕልፍ። በዚ ዓንቀጽ እዚ ይኸዉን።(ኣገባብ ዑቑባ: § 60 Abs. 1 und 2 AsylG; Duldung: § 61 Abs. 1d AufenthG).

**ይኹን እምበር ናብ ናይ ግልኻ ገዛ ንኽትግዕዝ ዝግዱዱኻ ዝኽእሉ እኹላት ምኽንያታት ኣለዉ። ገለ ካብቶም ኣገደስቲ ምኽንያታት፡**

**ኣብ መስርሕ ምሕታት ዑቑባ ምስ እትህሉ፡**

- ምስ ትሕቲ ዕድመ ዝኾኑ ደቅኻ ወይ በዓልቲ ቤትካ ብሓባር ክትነብር ምስ እትደሊ
- ካልእ ኣገደስቲ ሰብኣዊ መሰል ምኽንያት ናይ ምቕያር ኣለዉ።እዞም ምኽንያታት ግን ብሕጊ ብግሉጽ ዝሰፈሩ ኣይኮኑን። (§ 50 Abs. 4 S. 5, § 51 Abs. 1 AsylG)

ኣብ ብራንደንቡርግ (Brandenburg) ብዙሓት ሓተቲ ዑቑባ ናይ ዉልቆም መንበሪ ገዛ ናይ ምሓዝ ተኽእሎ ኣለዎም።

- መንእሰያትን ቆልዑን
- ዘሰኒ ዘይብሎም ትሕቲ ዕድመ ስደተኛታት
- ናይ ስንክልና ጸገም ዘለዎም ሰባት
- ናይ ዕድመ ሰብ ጸጋ (ወይ ኣረገዉቲ) ዝኾኑ ሰባት



- ነብሰ ጾር ኣደታት
- ን ትሕቲ ዕደመ ደቀን በይነን ዘዕብያ ኣደታት
- ግዳያት ኣሰጋገርቲ ደቂ ሰብ ዝኾኑ
- ከቢድ ኣካላዊ ወይ ኣእሙራዊ ጸገም ዘለዎም ሰባት
- ናብ ማእሰርትን መገረፍትን ዝተቓልዑ ሰባት፡ ወሲባዊ ወይ ዘቤታዊ ዓመጽ ኣጋጢምዎማ ከቢድ በሰላ ዘህደረሎም ሰባት።

ንስኻ ወይ ገለ ካብ ዉሉድካ ከምዚ ዓይነት ጸጋማት ኣጋጢምኩም ዶ፧ ስለዚ ናይ ግልኹም ክፍልን ኣገልግሎትን ብምርካብ ጥዕናኹም ዝሕለወሉ መንገዲ ኣሎ። እዚ ድማ ዕቃበ ድሕነት ጥዕና (§ 9 Abs. 4 LAufnG).

**ናይ ድንጋጸ ወይ ድልዱን ወረቐት ምስ ዝህልወካ**

- ምስ ትሕቲ ዕድመ ዝኾኑ ደቅኻ ወይ በዓልቲ ቤትካ ብሓባር ክትነብር ምስ እትደሊ
- ካልእ ኣገደስቲ ሰብኣዊ መሰል ምኽንያት ናይ ምቕያር ኣለዉ ። እዞም ምኽንያታት ግን ብሕጊ ብግሉጽ ዝሰፈሩ ኣይኮኑን።ብምኽንያት ሕማም ወይ ስንክልና፡

(§ 61 Abs. 1d Satz 3 AufenthG)



**ኣብ ክልቲኡ መዳያት (ኣሰራርሓ ኣሲሉምን ተጻዋርነትን) -**


**ኣብ በዓል መዚ ስደተኛታት ማሕበራዊ ሓገዝትን ቅጥዕኻ መሊእካ ኣመልክት።**

- በዚ ከኣ ትነበረሉ ተሰሪዙ ትከሓሰሉ መንገዲ ይፍጠር
- በዚ መንገዲ ድማ ሓለዋ ጥዕና ናብ እትረኽበሉ ዝበለጸ ስፍራ ትግዕዝ (ትቕይር)

**ዝምልከቶ በዓልመዚ ነዚ ጉዳይ እንተደኣ ተቐቢልዎ፡ ናብ ዝሓሸ ገዛ ክትቅይር ተኽሎ ኣሎ።**

**ሕቶ ዑቑባኻ ተነጺጉ ድዩ፧**
ይግባይ ብምባል ኣንጻር እቲ ዝተወሰነልካ ዉሳነ ደዉ በል። እቲ ሕጋዊ ሸነኹን ዝወድቀሉ ዕለት ናይቲ ዝተነጸግካሉ ወረቐት ምስትዉዓል ከድልየካ እዩ።

ናይ እግባይ ሕቶኻ ምስ ዝንጸግ፡ ደጊምካ ናብ ዝለዓለ ናይ ሓጋጊ ኣካል ኣቤቱታኻ ከተስምዕ ትኽእል ኢኻ። ናብ ናይ ምኽሪ ሓገዝ ዝህቡ ትካል ብምኻድ ሓገዝ ሕተት። እዚ ድማ ነጻ ምኻርዊ ኣገልግሎት ክትረብ የኽእለካ። ብዘይካ እዚ ነጻ ጠበቓ ወይ ተኸራኻሪ ጉዳያት እዉን ክትረብ ይሕገዘካ እዩ።






### መስርሕ ሕቶ ዑቑባኻ ተፈጺሙ፡ቀዋሚ መንበሪ ወረቐት ረኺብካ ኣለኻ።

ኣብተን ቀዳሞት ሰለስተ ዓመታት፡ ኣብታ ሕቶ ዑቕባኻ ዝተቐበለት ዞባ ናይ ጀርመን ክትነብር ግዴታ ኣሎካ። ብመሰረት ሕጊ መንብሮ ዓንቀጽ (Wohnsitzauflage nach §12 a AufenthG).

ይኹን እምበር እዚ ልዒሉ ዝተገልጸ ሕጊ መንብሮ በዞም ዝስዕቡ ምኽንያታት ክስረዝ ይኽእል እዩ።(§ 12a Abs. 5 AufenthG): ንስኻን መጻምድኻን ወይ እዉን ንስኻን ትሕቲ ዕድመ ዉልድካን ፡ ኣብ በበይነን ዞባታት ናይ ጀርመን ምስ እትምደቡ

- ዉሕስነቱ ብዝተረጋገጸ ናይ ስራሕን ናይ ናብራ ኣታዉኻን ምስ ዝኸዉን
- ብምኽንያት ሞያዊ ትምህርቲ
- ብምኽንያት ናይ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ
- ብምኽንያት መወሃሃዲ ስልጠና ፡ሞያዊ ስልጠና፡ ንኣዋርሕ ክወስድ ዝኽእል ስልጠናዊ ዕብየት፡ ሞያኻ ዕላዊ እትገብረሉ ስልጠና፡ ንዕብየት ዝነበረካ ሞያ ዝወሃብ ስልጠና





ወይ እዉን ቅድሚ ሕጂ ምሳኻ ሓቢሮም ዝነብሩ ዝነበሩ በዓልቲ ቤትካ ወይ ትሕቲ ዕድመ ደቅኻ ኣብ ካልእ ዞባ ናይ ጀርመን ምስ ዝህልዉ ናብኣቶም ናይ ምግዓዝ መሰልካ ሕልዉ ይኸዉን።

ወይ እዉን ክዉገዱ ዘለዎም ጸገማት ምስ ዘጋጥሙ። ከም ኣብነት፡

- ሓገዛት ንቐልዑን መንእሰያትን ኣብቲ ቦታ ምስ ዘይህሉ
- ካልእ ናይ ጀርመን ዞባ ብዉልቃዊ ምኽንያት ናብኡ ክትቅር ፍቓደኛታት ምስ ዝኾኑ ክትቅይር ትኽእል ኢኻ።
- ከምዚኦም ዝመሳሰሉ ዘይምኽንያታዊ ገደባት ይለዓሉ

ናብ ናይ ወጻእተኛታት ቤት ጽሕፈት ብምምልካት እቲ እትደልዮ ዘለኻ ካብ ዞባ ናብ ዞባ ዝዉዉር ተግባራዊ ይኸዉን። እታ ክትቅይረላ እትሓስብ ዘለኻ ዞባ እዉን ኣፍልጦን ተቐባልጦን ተቐባልነትን ክትህበካ ኣለዋ።

ቤት ጽሕፈት ጉዳይ ስደተኛታት ዞባ ናይ ምቕያር ምልክታኻ ተቐቢልዎ ዶ? ገዛ ኸ ረኺብካ ዶ? እምበኣር ናብ ጆብ ሰንተር (Jobcenter) ኣምልክት ናይ እትነብረሉ ገዛ ወጻኢታት ክሽፍኑልካ።